TIGRAI DEVELOPMENT ASSOCIATION (TDANA)
ማኅበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) ጨንፈር ሳንዲጎ
SAN DIEGO, CHAPTER

P.O. Box: 16043
San Diego, CA 92176-6043
E-mail: TDA_sandiego@yahoo.com

## መግለፂ ኃዘን



ንሕና ኣብ ኣሜሪካ፣ ክፍለ ምምሕዳር ካሊፎርንያ፣ ነበርቲ ከተማ ሳንዲያጎ ዝኾና ኣባላትን ደገፍቲን ማኅበር ልምዓት ትግራይ (ማልት/TDA) ጨንፈር ሳንዲያጎ፣ ኣብ ዞም ዓይኒ ብሌና ዝኾኑ፣ ኣበር ዘይርከቦም ውፉያትን ውሩያትን ከየንቲ ደቂ ሕዝቢ ትግራይ፣ ብዘጋጠመ ናይ መስዋዕቲን መቀኍሰልቲን ሃንደበታዊ ሓደጋ (Tragedy)፣ ኣዝዩ መሪር፣ ከቢድ፣ ዓሚቝ ኃዘን ተሰሚዑና ኣሎ።

እሞ ወዮ! ..ወዮ! ..ወዮ'ዶ ክንብል ኣታ ወዮ፤
ወዮ! ..ወዮ! ዘይስማዕ ነገር ካብ ሰማዕናዮ።
እወ! ...ሰሚዕናዮ ዘይስማዕ የለን፤
ብፀሓይ ብርሃኑ ወሪሩና ኃዘን፤
ብርሃናት ብርሃን፣ ናይ ሕዝብና ልሳን፤
ናይቶም ደቂ ሕዝቢ ፱ተ ቅዱሳን፤
ተነቢቡ መሥዋዕተ ድርሳን፤
ሰሚዕናዮ ዘይስማዕ የለን፤
ወረ'ያ ተዝኾን፣ ወይ ሕልሚ ተዝኾን፤
ተወሪርና'ባ ሎሚ ዘበን።
እወ! ...ወዮ'ዶ ክንብለልኩም ኣቱም ስዉዐት፤
ማእኸል ስሕበት ነይርኩም መርኣያ ትብዓት፤
ዓንዲ ሑቖ ገድሊ ፍናን ናይ ብዙኃት፤
ሃይላይ፣ ለተመስቀል፣ ብርሃነታት፤
ኣሸናፊ፣ ሃፍቶም፣ ተክኤ ኣቦ ብልሓት፣
ፍልፍል ዓወት፣ ጀጋኑ ደቂ ህወሓት፤
ተመሓሒልኩም'ያ ብሥጋ ብያት፤
ብሓባር መሪሽኩም ናብ መስዋዕትነት፤
ንምነየልኩም መንግሥተ ሰማያት፤
ንስኹም ድማ ግደፉልና ፅንዓት።
እወ! ...ነቲ ዝኃዘነ ዘስቆንቈነ፤
ካብ ኮነ'ስ ፅንዓት ንምነ፤
እወ! ...ካብ ጨከኑ እኒ-ብዓል ብርሃነ፤
ንብያቶም ፅንዓት ንምነ።
ፅንዓት ይሃብኪ ፅንዓት ኣደ ጀጋኑ ህወሓት፤
ንሕዝቢ ትግራይ ፅንዓት፣ ሥድራ ቤት ሥዉዐት፤
ፅንዓት ይሃበና ፅንዓት ንኹልና ጎዙናት።

















---

እዚ ንኹሎም ነበርቲ ሳንዲያጎ ዝኾኑ ደቂ ትግራይ ዝወክል ናይ ኃዘን መግለፂ እዩ።